Seattle Office of Labor Standards

# ሓለዋ ናይ ግሊ ኮንትራክተር ትእዛዝ ሓቅታት ዝሓዘ ወረቐት

ትርጉም ናይ'ዚ ሰነድ ኣብ (206) 256-5297 ኪርከብ ይከኣል እዩ።



ናይ ሲያትል ድንጋገ ሓለዋ ናይ ብርእሱ ዝመሓደር ኮንትራክተር ትእዛዝ (Seattle’s Independent Contractor Protections Ordinance)፡ እቶም ኣስራሕቲ ኣካላት ነቶም ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት ቅድሚ ዉዕልን ምእሳሮምን ከምኡድማ ኣብ እዋን ክፍሊትን ጽሑፍ መፍለጢታት ኺህብዎም ይእዝዝ። እቶም ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት ቅድሚ ወይ ኣብ'ቲ ብመሰረት ውዕል ኩንትራት፡ ብቕድሚ ዉዕል ዝተገለጹ ነጥብታት፡ወይድማ ኣብ ዉሽጢ 30 መዓልታት እቲ ክፍሊት ዝፍጸመሉ ዕለት ክፍሊት ክወሃቦም ኣለዎ።

## ሽፋን

### ኣየኖት ሰራሕተኛታት እዮም በዚ ሕጊ እዚ ዚሽፈኑ?

ሓደ ብርእሱ ዝመሓደር ኮንትራክተር ማለት ንገዛእ ርእሱ ቆጺሩ ብክፍሊት ኣገልግሎታት ንምሃብ ብሓደ ዝቖጽር ትካል ተቖጺሩ ዝሰርሕ ሰብ እዩ። እዚ ሕጊ እዚ ብዘይካ[1] ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘሎዉ ሒደት እንተዘይኮይኑ፡ ንኹሎም እቶም ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት ዚምልከት እዩ።

### ኣየኖት ኩባንያታት እየን በዚ ሕጊ እዚ ዚሽፈና?

እዚ ሕጊ እዚ ነተን ንመኽሰብ-ዘይሰርሓ ትካላት ሓዊስካ ብስሩዕ ኣብ ንግዲ ወይ ንግዳዊ ንጥፈታት ዝዓያ ኣስራሕቲ ኣካላት ይምልከት።

### እንታይ እዩ በዚ ሕጊ እዚ ዚሽፈን?

ናይ ውዕል ስራሕ በዚ ሕጊ እዚ ይሽፈን ድዩ ኣይሽፈንን ኣብቲ ባህሪ ናይ ኣገልግሎታትን ኣብ ዋጋ ናይ ኣገልግሎታትን እዩ ዝምርኮስ።

**ዓይነት ናይ ኣገልግሎታት**
- ኣብ ሲያትል ዝተኻየደ ስራሕ
- ቆጸርቲ ኣካላት ዝፈልጥዎ/ስራሕ ኣብ ሲያትል ከምዝካየድ ንክፈልጥዎ ምኽንያት ኣለዎም

**ዋጋ ናይ ኣገልግሎታት**
- ካብ $600 ንላዕሊ ዉዕል
- ዉዕላት ካብ ዓመት ንላዕሊ ከተሓዋወሱ ይኽእሉ ኢዮም

[1] እቶም በዚ ሕጊ እዚ ዘይተሸፈኑ ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት፣ ጠበቓታት፣ ናይ መርበብ መጓዓዝያ ኩባንያ መራሕቲ መኻይን (ንኣብነት ናይ Uber ከምኡ ድማ Lyft መራሕቲ መኻይን)፡ ሓደ ብርእሱ ዚመሓደር ኮንትራክተር ምስ ኣስራሕቲ ኣካል ዘለዎ ርክብ ኣብ ውዕል ክራይ ንብረት (ንኣብነት መሻጢ ጸጕሪ ኣብ ሳሎን ዚርከብ ዳስ ዚተኻረየ) ዝተወሰኑ ኣብ ዝኾነሉ፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ብመሰረት ሕጊ ዳይረክተር ቤት ጽሕፈት ዕዮ ዝተገልጹ ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት እዮም። ኣብ ጋዜጣ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (Office of Labor Standards, OLS) ተመዝገብ ወይ ከኣ ነቲ እዋናዊ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ርአ፡- www.seattle.gov/laborstandards።

ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል

*እዚ ሰነድ እዚ ብዛዕባ እቲ ሕጊ መብርሂ ይህብ። መዘኻኸሪ፡ እቲ ብቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ዚወሃብ ሓበሬታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ኹይኑ ኣየገልግልን፡ ውሳነ ተወካሊ/ኤጀንሲ ተራ ክህልዎ ኣይኽእልን፡ ወይ ከዓ ንኣንባቢ ናይ ዓቃብ ሕጊን ዓሚልን ዝምልከት ፍሉይ መሰል ኣይህብን እዩ። እዚ ንሕግታትን መምርሒታትን ከም መተካእታ ኮይኑ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።*

Seattle Office of Labor Standards

## ረቛሒታት

**ረቛሒታት ግዜኡ ዝሓለወ ክፍሊት**

ኣስራሕቲ ኣካላት ነቲ ብርእሱ ዝመሓደር ኮንትራክተር ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ መሰረት ብምግባር "ግዜኡ ዝሓለወ ኽፍሊት" ክህባኦ ኣለወን ፤

1) ናይ'ቲ ኩንትራት ዉዕላት፡
2) ውዕላት ናይ ስራሕ ጽሑፍ መፍለጢ፣ ወይድማ
3) ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲታት።

**ናይ ምግላጽ ግዴታታትት**

ኣስራሕቲ ኣካላት ነዞም ዝስዕቡ ናይ ቅድመ-ስራሕ ከምኡ ድማ ዝተዘርዘረ ናይ ክፍሊት ሓበሬታ ጽሑፍ መፍለጢታት ናብ ክሎም ዝተሸፈኑ ናጻ ኮንትራክተራት ክቕርቡ ኣለዎም። ናይ ተምፕለይት መፍለጢታት ንተጠቃምነት ኣብዚ መርበብ-ሓበሬታና ኣብ'ዚ መርበብ ሓበሬታና ርኣዩ።

### 1. ናይ ቅድመ-ስራሕ ጽሑፋዊ መፍለጢ ግዴታታት

| | |
|---|---|
| ▪ *ዕለት* | ▪ *መሰረት ክፍሊት* |
| ▪ *ስም ብርእሱ ዚመሓደር ኮንትራክተር* | ▪ *መቕሽሽ ከምኡ'ውን/ወይ ፖሊሲ ምክፍፋል ክፍሊት ኣገልግሎት* |
| ▪ *ስም ቆጻሪ ኣካል + ኣድራሻ ሓበሬታ* | ▪ *ናይ ስራሕ ወጻኢታት ኮይኖም ብኣስራሕቲ ኣካላት ዝኸፈሉ ወጻኢታት* |
| ▪ *መግለጺ ናይ ስራሕ* | ▪ *ዝነድሉ፡ ክፍሊታት፡ ወይ ዋጋታት* |
| ▪ *ኣድራሻ ስራሕ* | ▪ *መደብ ክፍሊት* |
| ▪ *መጠን ወይ መጠን ክፍሊት* | |

### [1.] ግዴታታት ናይ ዝተዘርዘረ ሓበሬታ ክፍሊት

| | |
|---|---|
| ▪ *ዕለት* | ▪ *መቕሽሽ ከምኡ'ውን/ወይ ፖሊሲ ምክፍፋል ክፍሊት ኣገልግሎት* |
| ▪ *ስም ብርእሱ ዚመሓደር ኮንትራክተር* | ▪ *መሰረት ክፍሊት* |
| ▪ *ስም ኣስራሒ/ቆጻራይ ኣካል* | ▪ *ብኣስራሒ ኣካል ተመላሲ ዝተገበሩ ወጻኢታት* |
| ▪ *መግለጺ ብክፍሊት ዝተሸፈኑ ኣገልግሎታት* | ▪ *ጠቕላላ ክፍሊት* |
| ▪ *ብኽፍሊት ዚተሸፈነ ኣገልግሎት ዚርከበሉ ቦታ* | ▪ *ዝጎድል* |
| ▪ *መጠን ወይ መጠን ክፍሊት* | ▪ *ዝተጻረየ ክፍሊት ድሕሪ ምጉዳል* |

## ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል

ተልእኾና ብተገዳስነት ማሕበረሰብን ብተሳትፎ ንግዳዊ ስራሕን፡ ስልታዊ ኣፈጻጽማን ከምኡ'ውን ዕብየት ፖሊሲ ፈጠራን፡ ዓሌታዊን ማሕበራዊን ፍትሒ ንምስፋን ብቈራጽነት ብምንቅስቓስ ፣ ደረጃታት ስራሕ ንቕድሚት ከምዝስጉም ምግባር ኢዩ።

**ኣገልግሎታትና**
ናይ ጥርዓናት ምጽራይ።
ንሰራሕተኛታት ዝግበር ምብጻሕ
ተክኒካዊ ሓገዝ ንቢዝነስ
ምንጪታትን

ናይ ዝርርብ ትርጉም ከምኡድማ ናይ ጽሑፍ ትርጉም ክርከብ ይኽእል እዩ። ንስንኩላን ዚኸውን መሳለጥያ ይቕርብ እዩ። ኣገልግሎታት ብናጻ እዮም ዝቕርቡ።

**ዝያዳ ሓበሬታ**
ናብ (206) 256-5297 ይደውሉ፥
ናብ laborstandards@seattle.gov ኢ-መይል ይልኣኹ፡-
ናብ seattle.gov/laborstandards ይወከሱ፡-

## ምንጪታት

**ቀጻልቲ ንዝኾኑ ሓደሽቲ ሓበሬታታት፡ ኣብ** www.seattle.gov/laborstandards **።መርበብ ሓበሬታና ተወከሱ ወይ ናይ ጋዜጣና ተጠቃማይ ንምኧን ተመዝገቡ።** ብዛዕባ እቲ ብርእሱ ሓሲቡ ዚዓዪ ውዕል ዕቑባ ዚገልጽ ኣዋጅ ዝያዳ ኣንብብ፡-
http://www.seattle.gov/laborstandards/ordinances/independent-contractor-protections-

ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል
*እዚ ሰነድ እዚ ብዛዕባ እቲ ሕጊ መብርሂ ይህብ። መዘኻኸሪ፡ እቲ ብቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ዚወሃብ ሓበሬታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ኹይኑ ኣየገልግልን፡ ውሳነ ተወካሊ/ኤጀንሲ ተራ ክህልዎ ኣይኽእልን፡ ወይ ከዓ ንኣንባቢ ናይ ዓቃብ ሕጊን ዓሚልን ዝምልከት ፍሉይ መሰል ኣይህብን እዩ። እዚ ንሕግታትን መምርሒታትን ከም መተካእታ ኮይኑ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።*